Deutsches Rotes Kreuz

SUCHDIENST

ዓለምለኻዊ ናይ ኣዝማድ ኣለሻ

# ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ዳታ ሓለዋ

**ኣሰር ምድላይ። ምርካብ። ማሊስካ ምርኻብ።**
German Red Cross Tracing Service (ናይ ጀርመን ቀይሕ መስቀል ናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት) ብሰንኪ ብረታዊ ጎንጺታት፣ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ፣ ህድሞ፤ ምምዝባል ወይ ስደት ካብ ስድራ ቤቶም ዝተፈላለዩ ሰባት ድጋፍ ዝህብ እዩ። ናይ ስድራ ቤት ኣባላት ኣሰር ብምድላይ፣ ማሊስካ ናብ ርክብ ምምላስን ምራኽብን ዝሕግዝ እዩ፣

**ን ስራሕና እንታይ ዓይነት ዳታ ንደሊ?**
ናይ ሓደ ሰብ ኣሰር ኣብ ምድላይ፣ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ብዛዕባ እቲ ሰብ ብዝተኻኣለ መጠን እኹል ሓበሬታ ይደሊ እዩ። እዚ ድማሽም፤ ዕለት ልደት፣ ናይ መፃቆል ዝርዝራትን ስደት መስመርን ዝሓውስ እዩ። እቶም ካብ ስድራ ቤት ንምፍላይ ዘኽኣሉ ኩነታት እውን ን ኣለሻና ኣገዳስቲ እዮም፡ ብተወሳኺ፣ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ናይ እቲ ዝእልሽ ሰብ መርከቢ ዝርዝራት/ኣድራሻ ዝደሊ ኾይኑ፣ እዚ ዝእልሽ ሰብ ምስ እቲ ዝእለሽ ሰብ ዘለዎ ዝምድና እውን ክፍለጥ ይደሊ እዩ። ናይ እቲ ዝእልሽ ሰብ ስእሊ እውን ነቲ ኣለሻ ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

ኩሎምእዞም ዳታታት(ስእሊታት ሓዊሱ) ኣብ ድልየታት እቲ ዝእልሽን ዝእለሽን ሰብ ምስራሕ ንኽንኽእል ዘድልዩና ውልቃዊ ዳታታት እዮም፡

**ነዚ ዳታ ንምንታይ ዕላማኢና ኣብ ማስርሕ እነ እትዎ?**
DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ንዝጠፍኡ ሰባት ንምድላይ፣ ሙጻኢ ዕድል ኣብ ምጽራይን ምስ ስድራ ቤታት ማሊስካ ንምርኻብን ውልቃዊ ዳታ ይጥቀም፡ ፡

**እቲ ዳታን ሳልሳይ ወገናት ዝሙሓላለፍ ድዩ?**
ነዚ ውልቃዊ ዳታ ብ ጥቡቕ ምስጢራዊነት ኢና እንሕዞ። ናይ ሓደ ሰብ ኣሰር ኣብ እንደልየሉ ግዜ፣ ነቲ ናይ ኣሰር ምድላይ ሕቶ ናብ ውሽጢ እቲ ናይ ዓለምለኻዊ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ሚረበብ ናይ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ማሕበር ምስ IKRK (ዓለምለኻዊ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል)ን ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝርከቡ ናይ ቀይሕ መስቀልን ናይ ቀይሕ ምንቅስቓስን ሕብረተሰባት) ንዝርግሖ ኢና። እቲ ኣሰሩ ዝድለ ዘሎ ሰብ ዝተጠርጠረለን ሃገራት ውሽጢእቲ ናይ ከባቢያዊ ናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ኣብ ሃለዋት እቲ ኣሰሩ ዝድለ ዘሎሰብ ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ይጽዕር። ከምኩነታት እዚ ስራሕ እዚ፣ ነቲ ዳታ ናብ ካልኦት ኣካላት ምምሕልላፍ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ን ኣብነት፣

- ናይ መንግስቲ ኤጀንሲታት(ን ኣብነት፣ ናይ ሰብ ሚዚ ጉዳያት ስደት፣ ናይ ምዝገባ ሰብ ሚዚታት፣ እስር ቤታት)፣
- ዓለምለኻዊ ትካላት፣ (ን ኣብነት፡ UNHCR, UNICEF, Doctors without Borders, IOM)
- ከባቢያዊ ትካላት (ን ኣብነት፡ ከባቢያዊ መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት፣ ኤጀንሲታት ሰብኣዊ ሓገዝ፣ ናይ ምኽሪ መውሃቢ ማእኸላት፣ ናይ ስድተኛታት ናይ ገዛኣ ርእሲ ሓገዝ መገበሪ ትካላት፣ ሃይማኖታዊ ማሕበረሰባት)
- ካልኦት መንግስታዊ ዘይኮኑ ተዋሳእቲ (ን ኣብነት፡ ከተማንኡሽተይ ከባቢ መንበሪ ነበርቲ፣ ሽማግለታት ቀቢላታት፣ መንግስታዊ ዘይኮኑ ዕጡቓት ጉጅለታት)

ውልቃዊ ዳታ፣ ን ስእሊ ሓዊሱ፣ ንጉዳያት ኣለሻ ክበሃል ክሕተምይኽእል እዩ፡
- ብናይ ሕትመት ሜልክዕ (ን ኣብነት፡ ኣብ ፖስተራት፣ ዝርዝራት ወይ ድማኣብ ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ)
- ብ ዲጂታላዊን ቃላዊ መገዲ ዕላውዝግበር መገለጺ (ን ኣብነት፡ ኣብ ኦንላይን/ኢንተርነት ስእሊ ተጠቒምካ ኣብ [www.tracetheface.org](http://www.tracetheface.org) ብምኻድ ምእላሽ፣ ናይ ራድዮ ዝርገሐታት፣ ኣብ ኢንተርኔት ወይ ኣብ ህዝባዊ መገለጺታት ዝርዝራት ምሕታም)

እዚ ነቶም ናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ስራሕትና ኣብ ምምላእ ኣድላዪ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ እቲ ዳታ ናብ ካልኦት ኣካላት ክሙሓላለፍ ዝኽእል። ኣብ እቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ስምምዕ መገለጺ ሜዕቐፍ ውሽጢ፣ ዝተወሰኑ ሃገራት፣ ካልኦትኣካላት ወይ ዝካየዱ ሕትመታት ክተወግዱ ትኽእሉ ኢኹም፡

**ከሳብ ክንደይ ግዜ እና ዳታ ነ ቐምጥ?**

Deutsches
Rotes
Kreuz

SUCHDIENST

እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ናይ ዳታ ማስርሕ ዕላማታት ኣብ ምምላእ ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነ እቲ ዝሃብኩምና ዳታ ክቕመጥ እዩ።

**ኣብ እቲ ናይ ዳታ ኣተሓሕዛ ኣየኖት ሕጊታት እዮም ኣብ ተግባር ዝውዕሉ?**
ኩሉ ዝምልከቶ ሰብ ናይ ዳታ ሓለዋ ማሰል ኣለዎ። ናይ DRK ስራሕ ብ ናይ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ናይ ዳታ ሓለዋ ኣዋጅ (DRK-SDDSG) ዝማሓደር እዩ። ብተወሳኺ፣ ብ እቶም DS-GVO (ሓፈሻዊ ናይ ዳታ ሓለዋ መማሓደሪ ደንቢ)ን ብ ናይ BDSG (ጀርመን ፌደራል ናይ ዳታ ሓለዋ ኣዋጅ) ንግዛእ ኢና። ስራሕና ኣብ መንጎ እቶም ዓለምላኻዊ ናይ ኣሰር ምድላይ ሞ ቢሮታት ኣብ ቢሮታት ዝርከቡ ኣካላት ዳታኹም ክንለዋወጥ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ እቶም ኣብ እዚ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ኣካላት ነቲ ልሙድ ናይ ዳታ ሓለዋ ድነ ብታት ክስዕቡ እዮም። ዳታኹም ብዓለምላኸ ደረጃ ኣብ ምንቅስቓሳት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሒን ግቡእ ሓለዋ ከምዝግበረሉ ክነ ረጋግጽ ንፈቱ።

**ን ውልቃዊ ዳታኹም ሓለዋ ዝምልከት እንታይ ማሰል ኣለኩም?**
ብዛዕባ እቲ ምሳና ዝተቐመጠ ውልቃዊ ዳታኹም ዝምልከት ነጻ ናይ ሓበሬታ ማሰል ኣለኩም። ብተወሳኺ፣ ነቲ ኣባና ዝተቐመጠ ትኽክል ዘይኮነ ዳታ ናይ ምጽራይ ማሰል ኣለኩም። ውልቃዊ ዳታኹም ምሳና ምቕማጡ ዘይተሰማምዑ እንተኾይንኩም ክትሕብሩና ትኽእሉ ኢኹም። ንሕና ድማ ዳታኹም ንኸጠፍእ ወይ ንኽእገድ ክነ መዳራሪ ኢና።
እቲ ን DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ዝተውሃበ ናይ ስምምዕ መግለጺ ብምትኡ ወይ ክፋሉ ኣብ ዝኾነ ግዘ ምስራዝ ይከኣል እዩ። ናይ ዳታ ኣብ ፖስተራት፣ ናይ ሰእሊ መጽሓፍቲታት ወይ ዓለምላኻዊ ዝኾኑ ዝርዝራት ንምሕታም ዘኽእሉ ስምምዓት ነቶም ኣሮማይ ዝተሓተሙ ቅዳሓትን ኮይኮነ፣ ነቶም ኣብ ቀጻሊ ዝሕተሙ ጥራሕ እዮም መዝነ ቶም ክለዓል ወይ ክስረዙ ዝኽእሉ።

**ንመን ክትረኽቡ ትኽእሉ( ዝምልከቶ ኣካል)?**
ብዛዕባ ናይ ዳታኹም ኣብ ማስርሕ ምእታው ወይ ብዛዕባ ናይ ሓበሬታ፣ ምጽራይ፣ ምጥፋእ ወይ ምእጋድ ማሰላትኩም ኣፈጻጽማ ዝምልከት ዝኾነ ዓይነት ሕቶ እንተሃልዩኩም ምስ ኣብ እቲ ብዛዕባ ናይ ኣሰር ምድላይ ሕቶ ኣብ ዘቕረብኩምሉ ግዘ ዝረኸብኩውም DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ማእኸል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ እቲ ድጋፍ ወሃቢ ማእኸል ማሕተምወይ ሽም ኣድራሻን ስልኪ ቑጽሪን

ንምን ክትረኽቡ ከምዘለኩምዘ ይትፈልጡእንተኾይንኩም፣ ን DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ዋና ቢሮ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

Deutsches Rotes Kreuz
Generalsekretariat
Team 22/Suchdienst-Leitstelle
Carstennstraße 58
12205 Berlin
ስልኪ: 030 / 8 54 04 -170
ኢ-መይል: datenschutz-suchdienst@drk.de

ናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ናይ ዳታ ሓለዋ ኦፊሰር በዚ ዝስዕብ ናይ ኢሜይል አድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡